## በዓል ጥምቀት ኣብ መላእ ኤርትራ ብፍላይ ኣብ ርእሰ ኣድባራት ኪዳነ ምሕረት ብድምቀት ተባዒሉ





## በዓል ኣስተርእዮ ማርያም ሕምብርቲ

ሊቀጳጳስ ኣቡነ መንግሥተኣብ ተስፋማርያም እንቛዕ ናብœዚ ክቡር ዕለት ኣብጸሓኩም። ቡሩኽ ኣውደኣመት ይግበረልኩም፣ ድሕሪ ምባል ሎሚ ዕለት በዓለ ኣስተርእዮ ኮይኑ፣ ኣስተርእዮ ማለት ከኣ ተገልጸ ተራእየ ማለት ኢዩ። እዚ ዘሎናዮ ጊዜ ከኣ ካብ በዓል ልደት ክሳብ ጾመ ኣርበዓ ዝኣቱ ዘመነ ኣስተርእዮ ኢዩ ዝበሃል። እቲ ንዓለም ዘይርአ ዝነበረ ብሳላ ድንግል ማርያም ከም ዝረአ ኮነ። እዚ ከኣ ኣብቲ ናይ ድንግል ማርያም ሕራይ ምባል ፍቓድካ ይኹን ምባል ዝተመሰረተ ኢዩ። ሎሚ ዕለት 21 ጥሪ 2018 ኣስተርእዮ ተባሂሉ ድኣ ይጸዋዕ እምበር በዓለ ዕረፍታ ኢዩ። እግዚእትነ ማርያም ካብዚ ናይዚ ዓለምœዚ ናብራ ብስጋኣ ኣዕረፈት።

ኣብ 16 ነሓሰ ከኣ በዓለ ፍልሰታ ነብዕል። እታ ወላዲተ ኣምላኽ ከምቲ ኣቐዲሙ ኣደ ወዲ ኣምላኽ ክትከውን ዘሰናደዋ ከምኡ ከኣ ብነፍሳን ብስጋኣን ናብ ሰማይ ከም እትፈልስ ገበራ። እዚ ሎሚ ዕለት ንነፍሲ ወከፍና ዘመሓላልፎኽ እንታይ ኢዩ፣ ወይ እንታይ ይብለና? ፍቃድካ ይኹን ክንብል የዘኻኽረና። መቸም ኩልና ከም እንፈልጦ ብዙሕ ጸገማት የጋጥመና ኣሎ ከም ኣብነት ደቕና ካባና ተፈልዮም ንቆርር። ስድራቤታት በይነን ተሪፈን ኣለዋ። እዚ ከኣ እግዚኣብሔር ሓደ ግዜ ክልውጦ ኢዩ፣ ኣብ ዕለቱን ሰዓቱን ክቕይረልና ኢዩ። ኢየሱስ ማርያም ዮሴፍ ነፍሰይ ልበይ ሕይወተይ እህበኩም ኣለኹ። ኢየሱስ ማርያም ዮሴፍ ጻዕረ ሞተይ ጊዜ ረዲኤት ግበሩለይ። ኢየሱስ ማርያም ዮሴፍ ኣብ ቅድስቲ ሕብረትኩም ብሰላም ከም ዝዓርፍ ግበሩኒ ክንብል ይግባእ። እዚ ቀሊል ጸሎት ይመስል ግናኸ ኩሉሳዕ ክንደግም ይግባእ።

እዚ ናይ ሎሚ ወንጌል ሉቃ.2፣42 እንተረኣና እውን ኢየሱስ ካብ ወለዱ ከም ዝጠፍአ ንርኢ። ወለዱ ከኣ ኣዚዮም ተሸገሩ። ካባና ካብዞም ወለዲ ውላድና እንተ ዝጠፍኣና ክንደይ ምተጨነቕና። ማርያም ከም ወላዲት እታ ወደይ ስላምንታይ ከምዚ ገበርካና ኣነን ኣቦኻን ከነናድየካ ቀኒና ትብሎ። ንሱ ከኣ ኣብቲ ናይ ኣቦይ ነገራት ክህሉ ከም ዝግበኣኒ ኣይትፈልጡን ዲኹም ይብሎም።

እወ ማርያም ኣደይ ዮሴፍœውን ኣቦይ፣ ግናኸ ነቲ ናይ ሰማያዊ ኣቦይ (እግዚኣብሔር ኣቦ) ስራሕ ክፍጽም ይግበኣኒ። ማለት እቲ ናብዚ ምድሪ እዚ ዘምጸኣኒ ስራሕ ክፍጽም ኣሎኒ ኢሉ ኣግሂዱ ይነግሮም። ማርያም ከኣ ሰታሪት ኢያ ንኹሉ ኣብ ልባ ትዓቁሮ ነበረት።

ኣብ መወዳእታ ንሕና እግዚኣብሔር ኩሉ ክገብረልና፣ ማርያም ኩሉ ክትፍጽመልና ንደልያ። ንሕናኸ እቲ እግዚኣብሔር ዝደልዮ ስራሓትዶ ንፍጽም? ምሕረትዶ ንገብር? ንሱ ዝብለና ኣብ ግብሪዶ ነውዕሎ? ከምቲ ቅዱስ ያዕቆብ ዝብሎ መልሓስ ንእሽቶ ኣካል እንከላ ብዙሕ ተዕኑ። ስለዚ መልሓስና ክንገትእ ኣሎና ከመይ ብኣኣ ኢና እንጻረፍ፣ እንሓሚ ወዘተ%o

እግዚኣብሔር ፍቕርን ሰላም የውርደልና ብራኼ ኣዴና ማርያም የካፍለና ብሩኽ ኣውደኣመት ይግበረልና። ብምባል ስብከቶም ዛዘሙ።





# ብሥራት

ጥሪ 2018 ዓ.ም.ፈ. ኅታም ቍ.119 ካቶሊካዊ ቤትጽሕፈት ርእሰ ኤጳርቅና ኣሥመራ (Catholic Secretariat – Archeparchy Asmara)

## መልእኽቲ ልደት ብፁዕ ሊቀጳጳስ ኣቡነ መንግሥተኣብ ተስፋማርያም

### ተፈጸመ ተስፋ ኣበው፡ በማርያም ድንግል፣

**፳፻ታሕሣሥ: ፳፱፤ 07 ጥሪ 2018**

ፍቁራትን ፍቁራንን ኣብ ውሽጥን ወጻእን እትርከቡ ኣባላት ስድራ እግዚኣብሔር፡

ኣቐዲመ “ካብ እግዚኣብሔር ኣቦናን፡ ካብ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስን ጸጋን ሰላምን ንኣኻትኩም ይኹን”(1ቆሮ 1፡3)ብምባል ምስ ቅዱስ ጳውሎስ ኮይነ ልባዊ ሰላምታ ኣቕርበልኩም ።

“ተፈጸመ ተስፋ ኣበው በማርያም ድንግል” ተስፋ ናይ ኣቦታት ኣብ ድንግል ማርያም ተፈጺሙ ዝብል ናይ ማኅሌትና መዝሙር ነዚ እነብዕሎ ዘሎና ናይ ምሥጢረ ሥጋዌን ምሥጢረ ልደትን ትርጉም ዝገልጽ እዩ። ልደት መድኃኒና ኢየሱስ ክርስቶስ ካብ ዘበናት ትጽቢት ዝተገብረሉ ኣዴና ማርያም “ይኩነኒ በከመ ትቤለኒ” ምስ በለት ድማ ቃል እግዚኣብሔር ኣብ ማሕጸና ሥጋ ለቢሱ ካብኣ ተወሊዱ ኣብ ማእከልና ከምዝሓደረ ወንጌል ባዕሉ



ይገልጸልና። እቲ ናይ ዘመናት ተስፋ ኣብ ማርያምን ብማርያምን ከምዝተፈጸመ ከኣ ንርኢ። እዚ ኣብ ማርያም ዝተፈጸመ ተስፋ ኣበውከ መኣስ ዝጀመረ እዩ? ብሓቂ ካብ ጥንቲ ካብ ጥቅምቲ እዩ ጀሚሩ።

ኣቦና ኣዳምን ኣደና ሔዋንን ብሰይጣን ተታሊሎም ትእዛዝ እግዚኣብሔር ምስ ኣፍረሱ ካብ ገነት ከምዝተሰጉ ኦሪት ዘፍጥረት ባዕሉ ዝነግረና ሓቂ እዩ። እንተኾነ ካብቲ ጊዜ'ቲ ጀሚሩ እግዚኣብሔር “ኣብ መንጎኻን ኣብ መንጎ እዛ ሰበይትን፡ ኣብ መንጎ ዘርእኻን፡ ኣብ መንጎ ዘርኣን ከኣ ጽልኢ እተክል ኣሎኹ። ንሱ ርእስኻ ኪጭፍልቕ እዩ። ንስኻ ድማ ሸኾናኡ ክትነክስ ኢኻ” (ዘፍ. 3፡15) ብምባል ገና ካብ ገነት ክወጹ ከለው ጩራ ተስፋ ከምዝሃቦም እውን ርጉጽ እዩ። እግዚኣብሔር ንቀዳሞት ወለድና፣ ወዲ ጓሎም፣ ርእሲ እቲ ዘስሓቶም ሰይጣን ክጭፍልቕ ምኧኑ ዘመልክት ተስፋ ዝሓዘለ ቃላት እዩ ኣስሚዑዎም። እታ ጓሎም ከኣ እኖና እግዝእትነ ማርያም ምኧና ዘጠራጥር ኣይኮነን። ድሕሪ እዚ ቀዳማይ ተስፋ እውን እግዚኣብሔር ብዝተፈላለዩ ልኡኻቱ መራሕትን ነቢያትን ጌሩ ተስፋ ካብ ምሃብ ኣየቋረጸን። ንኣብነት ሙሴ ንሕዝቢ እስራኤል “እግዚኣብሔር ኣምላኽኩም ካብ ማእከልኩም ካብ ሕዝብኹም ከማይ ዝበለ ነቢይ ከተንሥኣልኩም እዩ። ንእኡ ስምዕዎ” (ዘዳ 18፡15) በሎም። ባዕሉ እግዚኣብሔርውን ንሙሴ “ከማኻ ዝበለ ነቢይ ካብ ሕዝቦም ከተንሥኣሎም እየ፣ ቃለይ ክህቦ እየ፣ ዝኣዘዝኩዎ ኩሉ ድማ ክነግሮም እዩ። ብስመይ ክዛረብ እዩ። ንእኡ ምስማዕ ዝኣበየ ሰብ ግና ክቐጽዖ እየ” (ዘዳ 18፡18-19) እናበለ ብዛዕባ እቲ ክመጽእ ዝነበሮ መድኃኒ ከበሥሮ ንርኢ። ንንጉሥ ዳዊት ከኣ“ብድኅረኻ ንሓደ ካብ ደቅኻ ልዕል ከብሎ እየ፣ ነታ መንግሥቱውን ከጽንዓ እየ፣ ንሱ ንስመይ ቤት ክሰርሕ እዩ። ኣነ ከኣ ዞፋን መንግሥቱ ንዘለዓለም ከጽንዓሉ እየ። ኣነ ኣቦ ክኾኖ ንሱ ድማ ወዲ ኪኾነኒ እዩ” (2 ሳሙ 7፡12-14) ብምባል ዓብይ ተስፋ ክህቦ ተረኺበ። ኣብ መዝሙሩ እውን ንጉሥ ዳዊት “ሓደ ካብ ደቅኻ ኣብ ዞፋንካ ኬቐምጥ እየ። ንሱ ድማ ብድኅሬኻ ኪነግሥ እዩ“ (መዝ 132፡11) ዝብል ተመሳሳሊ ተስፋ ክቕበል ንርኢ።

ናብ ዘመነ ነቢያት እንተ ተሳገርና ድማ፡ እዚ ናይ ድኅነት ተስፋ እዚ ዝያዳ ጕሊሑ ይርከብ። ኢሳይያስ ነቢይ እቲ ደጋጊሙ ብግልጺ ብዛዕባ ምምጻእ እቲ ቅቡእ ኣምላኽ፡፣ ማለት ምምጻእ ክርስቶስ ወይ መሲሕ፣ ዝተነበየ እዩ ክንብል ንኽእል። ንጉሥ እስራኤልን እቶም መሳርሕቱን ተደናጊሮምን ተስፋ ኣብ ምቕሪራጽ በጺሖምን ኣብ ዝነበሩሉ እዋን “እግዚኣብሔር ባዕሉ ትእምርቲ ኪህበኩም እዩ፣ እንሆ ድንግል ክትጠንስ ወዲ ከኣ ክትወልድ ኣያ፣ ስሙውን ኣማኑኤል ኢላ ክትሰምዮ እያ” (ኢሳ 7፡14) ይብሎም። ቀጺሉ ከኣ እቲ ክውለድ ዝነበሮ ሕጻን ከመይ ዝበለ ከምዝኸውን ይገልጽ። “ሕጻን ተወሊዱልና፡ ወዲ ተዋሂቡና እዩ፣ ንሱ ከኣ ገዛኢና ኪኸውን እዩ። ንሱ ግሩም መኻሪ፣ ብርቱዕ ኣምላኽ፡ ዘለዓለማዊ ኣቦ፣ መስፍን ሰላም፣ ተባሂሉ ኪጽዋዕ እዩ። ግዝኣት መንግሥቱ እናዓበየ ኪኸይድ እዩ፣ ብዘመን መንግሥቱ ድማ ኵሉ ጊዜ ሰላም ኪኸውን ኣዩ። ኣብ ዙፋን ንጉሥ ዳዊት ኮይኑ ኪገዝእ እዩ፣ ካብ ሕጂ ንዘለዓለም ብሓቅን ብፍትሕን ኪገዝእ እዩ። እግዚኣብሔር ጐይታ ሠራዊት ነዚ ኪገብሮ መዲቡ ኣሎ (ኢሳ 9፡6-7) ይብል።

ኣቦታትና ኣብዚ ትንቢት እዚ ተመርኲሶም፡ ኣብ ዋዜማ ናይ በዓል ሆሳዕና፡ “ወበልዋ ለወለተ ጽዮን፣ ነዋ ንጉሥኪ ጻድቅ ወየዋህ፡ ዕሴቱ ምስሌሁ ወምግባሩ ቅድመ ገጹ ወይከውን ሰላመ በመዋዕሊሁ”፣ ንጓል ጽዮን፡ እቲ ህያቡ ምስኡ፣ ስራሑ ከኣ ኣብ ቅድሚኡ ዝሓዘ፣ ጻድቕን የዋህን ንጉሥኪ እንሆ ኣብ ዘመኑ ከኣ ሰላም ኪኸውን እዩ በልዋ (ሰላም ዋዜማ ዘሆሳዕና) እናበሉ ዘቕርብዎ ሰላምታ፣ መድኃኔ ዓለም ክመጽእ ከሎ ጥራይ ኢዱ ከምዘይመጽእ፣ ኣረ እኳ ደኣ ህያባቱ ብብዝኂ ሒዙ ከምዝመጽእ ነቶም ዝቕበልዎ ከኣ ለጋስ ከምዝኾነ ዘረድኣና እዩ። እዚ ከኣ ብዘይ ዝኾነ ሌላን ጉሌላን ንኩሉ ዓለም ዝኸውን ብሥራት እዩ። ዳንኤል ነቢይ እውን “ለይቲ ብራእይ ክጥምት ከሎኹ

እንሆ ወዲ ሰብ ዝመስል ብደመና ሰማይ ይመጽእ ነበረ። ናብቲ ካብ ዘለዓለም ዚነብር ዝነበረ ድማ በጽሐ፣ ናብ ቅድሚኡውን ኣቕረብዎ። ኲላቶም ኣሕዛብን ወገናትን በበይኑ ዓይነት ቋንቋታት ዚዛረቡን ኬገልግልዎስ፣ ግዝኣትን ክብርን መንግሥትን ተዋህቦ። ግዝኣቱ ዘይኃልፍ ዘለዓለማዊ ግዝኣት እዩ።

መንግሥቱውን ከቶ ኣይክትጠፍእን እያ" (ዳንኤል 7፡ 13-14.27) ይብለና። ሚልክያስ ነቢይ ከኣ ብዛዕባ ምምጻእ "ጸያሔ ፍኖት" ወይ ጸራግ መገዲ ቅዱስ ዮሓንስ መጥምቕን፣ እቲ ንዓለም ናይ ድኅነት ብሥራት ከበሥር ዝመጽእ ወዲ ኣምላኽ፣ "እግዚኣብሔር ጐይታ ሠራዊት 'እንሆ ኣነ ልኡኸይ እልእኽ ኣሎኹ፣ ንሱ ቀቅድመይ መንገዲ ኪጽርግ እዩ። ብኡብኡ ከኣ እቲ እትደልዩዎ ጐይታ ናብ መቕደሱ ኪመጽእ እዩ። እቲ እትናፍቕዎ መልኣኽ ኪዳነይ ከበሥር እንሆ ይመጽእ ኣሎ' ይብል ኣሎ" (ሚል 3፡1) እናበለ ነቲ ወትሩ ንኣና ከድኅነናን፡ ክምሕረናን፡ ከተዓርቐናን፡ ዝመጽእ ጐይታ ብእምነት ብፍቕሪ ክንቅበሎ ድልዋት ክንከውን ከምዘሎና የረድኣና።

ኣብ ናዝሬት፡ ገብርኤል መልኣኽ፡ ንእግዝእትነ ማርያም "ሰላም ንኣኺ ኦ ምልእተ ጸጋ፣ እግዚኣብሔር ምሳኺ እዩ፣ ንስኺ እንካብ ኣንስቲ ዝተባረኽኪ ኢኺ በላ" (ሉቃ 1፡28)። በቲ ሰላምታኡ ተገሪማ ምስ ረኣየ ከኣ ቀጺሉ "ማርያም! ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ጸጋ ረኺብኪ ኢኺ እሞ ኣይትፍርሂ፣ እንሆ ክትጠንሲ ወዲውን ክተወልዲ ፣ ስሙ ከኣ ኢየሱስ ክትብልዮ ኢኺ" (ሉቃ 1፡30-31) ብምባሉ እቲ ብነብያት ዝተነግረሉ ንሕዝቡ ከድኅን ብእግዚኣብሔር ተላኢኹ ክመጽእ ዝነበሮ መድኃኔ ዓለም ካብ ድንግል ማርያም ከምዝውለድ፣ እቲ ካብ ዘመናት ዝተዋህበ ተስፋ ከኣ ኣብ ማርያም ከምዝፍጸም ኣረጋገጸ ማለት እዩ። እቲ ካብኣ ዝውለድ ከኣ"ዓብይ ኪኸውን፣ ወዲ እቲ ልዑልውን ኪበሃል እዩ። እግዚኣብሔር ኣምላኽ ድማ ዙፋን ኣቦኡ ዳዊት ኪህቦ እዩ። ንሱ ኣብ ሕዝቢ እስራኤል ንዘለዓለም ኪነግሥ እዩ።

መንግሥቱ ከኣ መወዳእታ የብሉን፣ በላ" (ሉቃ 1፡32-33) ድሕሪ ክንደይ ዘመናት መድኃኒና ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ኣብ ቤተልሔም ምስ ተወልደ ድማ ቅዱስ ማቴዎስ ወንጌላዊ "እዚ ኲሉ ነቲ እግዚኣብሔር ብነቢይ 'እንሆ ድንግል ክትጠንስ ወዲውን ክትወልድ እያ፣ ስሙ ከኣ ኣማኑኤል ኪብልዎ እዮም፣ ትርጉሙ ከኣ 'ኣምላኽ ምሳና' ማለት እዩ' እናበለ ዝተዛረቦ ምእንቲ ኪፍጸም ኮነ" ማቴ1፡ 22-23) ብምባል ልደት መድኃኒና ኢየሱስ ክርስቶስ ፍጻሜ ተስፋ ነቢያትን ኣበውን ከምዝኾነ የረጋግጽ።

ቅዱስ ኢረነዮስ በዓል ልዮን፣ ነደና ሔዋንን ነደና ማርያምን እናነጻጸረ፣ እምቢ ናይ ሔዋንን ሕራይ ናይ ማርያምን ዘኸተሎ ዕንወትን ድኅነትን ክገልጽ ከምዚ ይብል፣ "ሔዋን ብሰይጣን ተታሊላ ንትእዛዝ ኣምላኽ ምስ ኣፍረሰት ካብ ኣምላኽ ረሓቐት። ማርያም ግን ብብሥራት መልኣኽ ተመሪሓ ንትእዛዝ ኣምላኽ ኣኽበረት እሞ፣ ኣብ ከርሣ ወልደ ኣምላኽ ንክትሸከም በቕዐት። በዚ ምኽንያት'ዚ እታ ቀዳመይቲ ሔዋን ብሰይጣን ሰዲዓ ንኣምላኽ ኣይተኣዘዘትን፣ ካብዚ ዝተላዕለ ድንግል ማርያም ጠበቓ እታ ድንግል ዘኾነት ሔዋን ኮነት። ክርስቶስ ንኲሉ ኣብ ገዛእ ርእሱ ጠቕለሎ፣ ካብዚ ዝተላዕለ ርእሲ ኲሉ ኮነ። ክርስቶስ ንጸላኢና ውግእ ኣወጀሉ። ነቲ ብተኃባባርነት ኣዳም ምርኮይኛታት ገይሩና ዝነበረ ሥዒሩ ኣጥፍኦ" (ካብ <u>ኣንጻር መንፍቕነት</u> ብቅዱስ ኢረነዮስ በዓል ልዮን)። ብተመሳሳሊ ኣዘራርባ ቅዱስ ኤፍረምውን ኣብ ወዳሴ ማርያም፣ ሓደ ካብ ቅድስቲ ሥላሴ ንውርደትና ርእዩ፣ ካብ ሰማየ ሰማያት ወረደ፣ ንባህሪኡ ኣትሕት ኣበለ፣ ናባና መጺኡ ድማ ኣብ ከርሲ ድንግል ሓደረ፣ ብዘይካ ኃጢኣት ብኻልእ ኲሉ ከማና ሰብ ኮነ። ነቢያት ከምዝሰበኽዎ፣ ኣብ ቤተልሔም ተወሊዱ ኣድኃነና፣ በጃና ኮነ ሕዝቡ ከኣ ገበረና "ኣሓዱ ዘእም ቅድስት ሥላሴ ርእዮ ትሕትናነ፣ ኣጽነነ ሰማየ ሰማያት መጽኣ ወኃደረ ውስተ ከርሠ ደንግል፡ ወኮነ ሰብኣ ከማነ ዘእንበለ ኃጢኣት ባሕቲታ፣ ወተወልደ በቤተልሔም በከመ ሰበኩ ነቢያት፣ ኣድኃነነ ወቤዘወነ ወረሰየነ ሕዝበ ዚኣሁ"፣ (ውዳሴ ማርያም ዘዕለተ ሓሙስ 7)።

ኢየሱስ ክርስቶስ ካብ ድንግል ማርያም ተወሊዱ ኣብ ማእከልና ምስ ሰፈረ (ቃል ንቃሉ ኣብ ማእከልና ድንኳኑ ምስ ተኸለ) እዩ ተስፋ ኣበው ዝተፈጸመ። ንሱ ምስ መጸአ ድኅነት ረኺብና፣ ብሓቂ ከኣ ጸሓይና በረቐልና። ነቢይ ኢሳይያስ ከምዝብሎ፡ ብልደት መድኃኒና ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ "እቲ ኣብ ጸልማት ዚነብር ሕዝቢ ዓብይ ብርሃን ረኣየ፡ ነቶም ኣብ ጸልማት ምድሪ ሞት ዚነብሩ ድማ ብርሃን ወጸሎም" (ኢሳ 9፡2) ማለት እዩ። እቲ ገጽ ምሕረት ኣምላኽ፡ ክምስታ እግዚኣብሔር ኣቦ ዝኾነ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ፣ ሰብ ኮይኑ ኣብ ማእከልና ምስ ሓደረ፣ ምሕረት ኣምላኽ ከነስተማቕር ክኢልና፣ ብርሃን ጐይታ ተወሊዑልና ኣሎ ማለት እዩ። በዚ ምኽንያት ቅዱስ ጴጥሮስ እውን ኣብታ ቀዳመይቲ መልእኽቱ፡ "ንስኻትኩም ቀደም ሕዝቢ ኣይነበርኩምን፣ ሕጂ ግና ሕዝቢ ኣምላኽ ኢኹም። ቀደም ምሕረት ኣይረኸብኩምን ነበርኩም፣ ሕጂ ግና ተማሒርኩም ኢኹም" (1ጴጥ 2፡10) እናበለ ብምጽኣት ኢየሱስ፡ ኅሩይ ወለዶ፡ ዝተማሕረ ሕዝቢ፡ ከምዝኾንና ይገልጽ። ለይቲ ልደት ከኣ "ዮም በርህ ሠረቀ ለነ፣ ሰማይ ወምድር ዘኢያገምሮ ማኅፀን ድንግል ጾሮ፣ እንዘ ኣምላክ ውእቱ ኅደረ ወተገምረ ውስተ ማኅፀነ ድንግል፡ ኮነ ሕፃነ ንኡሰ፣ ዘኣልቦ መምሰል ተወልደ ፀሓየ ጽድቅ ሠረቀ"፣ ብርሃን በረቐልና፣ ሰማይን ምድርን ዘይኣኽሎ ማኅፀን ድንግል ተሰኪምዎ። ኣምላኽ ክንሱ ንእሽቶ ሕፃን ኮይኑ፣ ኣብ ማኅጸን ድንግል ሓደረ፣ ዝመስሎ ዘይብሉ ተወልደ ናይ ጽድቂ ፀሓይ ከኣ በረቐ (ኣቡን፡ ማኅሌት ዘልደት) እናበልና ብዜማ ንቕበሎ ኣሎና።

በዓለ ልደት እምበኣር፡ ተስፋ ኣበው ኣብ ድንግል ማርያም ብሓቂ ከምዝተፈጸመ ዘረጋግጸና እዩ። እዚ ተስፋ እዚ ሎሚ፣ ኣባናውን ክፍጸም እዩ ዝግብኦ። መድኃኔ ዓለም ኣብ ልቢ ነፍስ ወከፍና ክውለድ ይደሊ ኣሎ። ከም ኣዴና ማርያም "ሕራይ" ኢልና ክንቅበሎ እንተተረኺብና ንሱ ሎሚውን ኲሉ ዘድልየና ጸጋታትን ቡራኬታትን ከምጽኣልና ድልው እዩ። ኣብ ራእይ ዮሓንስ ባዕሉ መድኃኔ ዓለም ከምዝብለና፣ "እንሆ ኣብ ኣፍ ደገ ደው ኢለ ማዕጾ ኳሕኳሕ ኣብል ኣሎኹ። ሓደ እኳ ድምጸይ ሰሚዑስ ማዕጾ እንተ ኸፈተለይ፣ ናብኡ ክኣቱ ምሳኡ ኣብ መኣዲ ክቕመጥ ኣየ። ንሱውን ምሳይ ኪቕመጥ እዩ" (ራእ.ዮሓ 3፡20)። ሎምዘመንውን ኣብዚ በዓላት ልደተ ጥምቀት መድኃኒና ኢየሱስ ክርስቶስ ኣብ ልቢ ነፍስወከፍና ይኹሕኩሕ ኣሎ። ካባናኸ ሰሚዑስ ዝኸፍቶዶ ይርከብ ይኸውን? ወይስ ከምቲ ኣብ ቤተልሔም ማርያምን ዮሴፍን መሕድሪ ደልዮም ብዙኅ ኳሕኲሖም ዘርሕዎም ዝሰኣኑ እሞ ኣብ መብልዕ ከብቲ ክዕቆቡ ዝተገደዱ ክኸውን እዩ? ኣብ ቤተልሔም ንኣኣቶም ሰሚዑ ዝኸፍተሎም ኣይረኸቡን። በዚ ምኽንያት መድኃኔ ዓለም ኣብ መብልዕ ማል ተወልደ። ኣብቲ ቀዳማይ ልደት ብሓቂ ልቦም ዝኸፈቱሉ እንተነቢሮም፣ ማርያምን ዮሴፍን፡ ከምኡውን መላእኽትን እቶም ቤት ኣልቦ ጓሶትን ጥራይ እዮም ዝነበሩ። እቶም ካልኦት፣ ንካልኦት ኣጋይሽ ኸቕበሉ ኣብ ካልእ ወራዮም ጥሒሎም ንምጽኣት ምድኃኔ ዓለም ዝኸውን ጊዜን ቦታን ኣይነበሮምን። ንሕናኸ ሎሚ ምስ ኣየኖት ኢና ንቑጸር? ምስቶም ብእምነትን ብትሕትናን ዝተቐበልዎዶ ወይስ፣ ምስቶም ሓዳሮም ገፊሑዎም ማዕጾ ልቦም ምኽፋት ዝኣበዩ ኢና? ቀጺሉ ራእዩ ዮሓንስ "እዝኒ ዘለዎ ነቲ መንፈስ ቅዱስ ንኣብያተ ክርስትያን ዚብለን ዘሎ ይስማዕ" ይብለና። ከም ውልቀ ሰባት ጥራይ ዘይኮነ ከም ማኅበር ኣመንቲ፡ ከም ቍምስና፣ ከም ገዳም፣ ከም ቤተክርስትያን እውን ንኢየሱስ ሕጻን ክንሰምዕ ክንቅበል ድልዋት ዲና? እቲ ሕያዋይ ጋሻና ግን እንሆ መጺኡ ይኹሕኩሕ ኣሎ፣ ሃየ ልብና ከፊትና ንቀበሎ። "ነቶም ዝተቐበልዎ ዘበሉ ብስሙ ንዚኣምኑ ኲሎም ግና ውሉድ ኣምላኽ ኪኾኑ ሥልጣን ሃቦም----እቲ ቃል ሰብ ኮነ፣ ጸጋን ሓቅን መሊኡዎ ከኣ ምሳና ነበረ" (ዮሓ 1፡12.14)።

ብሩኽ በዓለ ልደተ ጥምቀት ይግበረልና።

ኣቡነ መንግሥተኣብ ተስፋማርያም
ሊቀ ጳጳሳት ዘበኣሥመራ



ስርዓተ ምብራኽ ሓዲስ ሕንጻ ኣኸለ። ክቡር ሊቀ ጳጳስ ኣቡነ መንግስተኣብ ተስፋማርያም ጳጳስ ዘመንበረ ኣስመራ፡ ምስ ኣቡነ ፍቕረማርያም ሓጐስ፡ ኣባ ጺጋይ በርሀ፡ ኣባ ኣማኑኤል ምስጉንን ብምኻን፡ ናይ ሓዲስ ሕንጻ ጸሎትን ባርኾትን ተኻየደ፤ ልዕሊ 9 ለባስያን ካህናት ከኣ ከቢቦም ኣሰንይዎም።


ጸሎት ናይ ባርኾት ሓዲስ ሕንጻ ብግቡእ ድሕሪ ተፈጺሙ፡ ብቐጥታ ስርዓተ ቅዳሴ እዩ ተኻይዱ። ሊቀጳጳሳዊ ቅዳሴ ኸኣ ኣብœታ ቀሊል ዘይኰነ ጻዕሪ ዝተኸፍለላ ቤተክርስትያን ቅድስቲ ስድራ ተገብረ። ምዕሩግ ዝኾነ ቅዳሴ ብኽልተ ጳጳሳት ከኣ ተኻየደ። ቤተክርስትያን ልዕሊ ዓቕማ ሰብ ጥርንቕ ብምባላ ክሳብ ኣፍደገ ሰብ መልኣት። ምእመናን ደቂ ቅድስቲ ስድራ ዝኾኑ ኣቶ ጳውሎስ ተኽለብርሃንን ወ/ሮ ምሕረት ሃብተን፡ ካባ ምስ ቆብዑ ለቢሶም ኣብ ቅድሚት ኰይኖም ቦኽሪ ቅዳሴኦም ኣብ ቤተክርስትያኖም፡ ናይቲ ንብዙሕ ወለዶታት ብዓሚቑ ሃረርታ ጥራይ ዝተሓልፈ ግዜ እናዘከሩ፡ ኡፎይ ብምባል ምስጋና ንኣምላኽ ደጋጊሞም ኣቕረቡ።

ቃል ስብከት ዘስምዑ ሊቀ ጳጳስ ኣቡነ መንግስተኣብ ተስፋማርያም፡ ንኣቶ ጳውሎስን ንወ/ሮ ምሕረትን ኣነ ሰማዕታት ኢለኩም ኣሎኹ። ምኽንያቱ ሰማዕት ማለት ምእንቲ እምነቱ ዝስዋዕ ማለትœዩ። እምነት ማለት ከኣ እዚ እዩ። እምነት ኣብ ቀቀሊሉ ኣብ ጸጽቡቑ ኩልና ንኽእሎ ኢና። እምነት ግን ኣብ ከቢድ ግዜ፡ ኣብ ነዊሕ ግዜ ነቕ ዘይትብል ጽንዕቲ ክትከውን ከላœያ እትፍለጥ ብምባል ጥዑምን መሃርን ቃል ኣምላኽ ንሕዝበ ክርስትያን ኣስምዑ። ንኣቶ ጳውሎስን ወ/ሮ ምሕረትን ከኣ ተንሲኦም ኣመስገንዎም። ኣደታት ከኣ ብዕልልታ ብምስናይ ነቲ ናይ ምስጋና ሃዋህው ድምቀት ሃብኦ። ስርዓተ ቅዳሴ ብምዕሩግ ኣገባብ ድሕሪ ተፈጺሙ። ኲሉ ነጋዲ እናዘመረን እናዓለለን ብጳጳሳት ተሰንዩ፡ ብቤተኽህነትን ደናግልን ተኸቢቡ ናብ ዳስ ኣምርሐ። ቅዳሴ ከባቢ ሰዓት 9፡45 ቅድሚ ቀትሪ ኣቢሉ ተዛዘመ።

ካብ ሰገነይቲ ዝመጽኡ መዛሙራን ምስ ደናግል ካምቦኒ፡ ኣብ ኣፍደገ ቤተክርስትያን ወረብ እናሸብሸቡን ብዕልልታ ንኣምላኽ እናመስገኑን ናብ ዳስ ኣተዉ። ደቂ ዓድን መንእሰያትን ጠለባት ኣጋይሽ ብምስማዕ ላዕልን ታሕትን ብምባል፡ ዝቐረብ እናቐረቡ ዝጐደለ እናመልኡ ብተወፋይነት ኣገልገሉ። ንጸበል ዝተቐረበ እንጌራ፡ ዝግገን ስዋን ወሰደ ዘበለ ምንባሩ ኩሎም ኣጋይሽ መስከሩ። ኲሉ ጸበል ድሕሪ ምክፋሉ ኸኣ፡ ኣባ ጺጋይ በርሀ ዘማሕበረ ሉኡኻን፡ ነቲ ዕለት ዝተዳለወ ታሪኽ ኣመሰራርታ ቤተክርስትያን ቅድስቲ ስድራ (ኢየሱስ ማርያም ዮሴፍ) መበቆላዊ ኣበጋግሳ እታ ቤተክርስትያንን ብዝምልከት ኣብ መጽሔት ዝወጸ ኣንበቡ። ቀጺሎም ንዝተረፈ ክፋሉ ኣብ ኣማኑኤል ምስጉን ኣንበብዎ። ኲሉ ነጋዳይ ከኣ ነቲ ነዊሕ ታሪኽ ተጠንቂቑ ይሰምዖ ነበረ። ነቲ ታሪኽ ዘይፈልጥ ጥራይ ዘይኰነ፡ ኲሉ ብሓበራ ብኣድናቖት ፈዘዘ። ኣብ መወዳእታ ደቆም ንኣቶ ጳውሎስን ወ/ሮ ምሕረትን ካብ ወጻኢ ሃገር ኣብታ መጽሔት መወዳእታ ዝጸሓፍዋ ›ርስትናœ እትብል ግጥሚ ምስ ተነበበት፡ ኲሉ ተደናፊቑ።

እቲ ናይ ነዊሕ ዘመናት ሃረርታ ብምፍጻሙ ንኣምላኽ ተመስገን እትብል ዝነበረት ግጥሚ ደቂ ቅድስቲ ስድራ፡ ምስ ስድርኦም ዘይምውዓሎም ናይ ስደት ነገር ስለዝኾኖም ነታ ጭራም ግጥሚ ክንዲ ኹሉ ክትረኣየሎም እናተደፋነቑ ብምጽሓፎም ንኹሎም ነጋድያን ተንከፈቶም።

ደቂ ዓዲ ሓቢሮም ኣብቲ ውራይ ብምስታፎም ኲሉ ተሓጒሱ። ናይ ብሓቂ ዘይድገም ንኣምላኽ ብቀጻሊ ክብሪ ክንህቦ ዘሎና ጽንብል ኰይኑ ከኣ ወዓለ። ኣብ መጨረሽታ ቃሎም ዘስምዑ ብፁዕ ሊቀጳጳሳት ኣቡነ መንግስተኣብ ተስፋማርያም ከኣ፡ ማይኣሓ ብኽልተ ታቦት ብምምዕራጋ ናይ ብሓቂ ጸጋ ኣምላኽ እዩœሞ ንኣምላኽ ከነመስግን ኣሎና። እዚ ኸኣ ዓብይ ጸጋ እዩ። ኩልና ኸኣ ብጥንቃቐ ክንሕልዎ ይግበኣና። ቆልዑ ፔትሮ ከይሰብሩን፡ ከይፈለጡ ካልእ ነገራት ከየበላሸዉን ተጠንቂቕና



ክንሕልዎ ይግብኣና ብምባል ቃል ምስጋና ዝተሓወሶ ለበዋ ድሕሪ ኣመሓላሊፎም፣ ኣብ መዛዘሚ፡ ቆሞስ ደብረ ቅዱስ ሚካኤል ሰገነይቲ፡ ንኹሎም እቶም ብገንዘብን ብጉልበትን ዝሓገዙ ምእመናን በብተርታ ስሞም እናጠቐሱ፡ ነቲ ግሩም ህንጻ ብገንዘቦም ይኹን ብጉልበቶም ዘበርከቱ ኣምላኽ ኣኻዕቢቱ ክኽሕሶም ምኻኑ ብምጥቃስ ኣመስጊኖም። ከም እንደገናœውን ሞባእ መመሊሱ ቀጸለ። ስለœቲ ኹሉ ዝኾነ ነገር ከኣ፡ ንእግዚኣብሔር ክብሪ ይኹኖ ብምባል እቲ ግሩም ጽንብል ተዛዘመ።

ነጋድያን ኩሎም ናብቲ ዘዝመጽዎ ተበገሱ። ሕጂœውን ከምቲ ኣደታት ክመጻ እንከለዋ ዝነበረን ሓጐስ ሕጂœውን ኣብ ምኻደን መሊሰን እናዓለላን እናዘመራን፣ በረኸት ቅድስቲ ስድራ (ኢየሱስ ማርያም ዮሴፍ) እናለመናን እናመስገናን ናብ ቦትኤን ተመልሳ።

ኣብ ቤት ደናግል ምቦኒ ብምምጻኣ ዝጸሌኹምን ዘጸናናዕኩምናን ዉሉደ ክህነትን፣ ሰብ ዉፉይ ሕይወትን፣ ኩልኹም ምእመናንን እግዚኣብሔር ይሃበልና። ንጡቢት ዝባረኽ ኣምላኽ ከኣ ይባርኽኩም።

ንፍቅርቲ እናቴ ኣዴናን ሓውትናን ከኣ ኣብ መንግስተ ሰማያት ምስ ኩሎም መላእኽትን ቅዱሳንን ይጸምብረን። ስለ ኹሉ እግዚኣብሔር ዝተባረኸ ይኹን እናበልና ሓዘና ኣብዚ ከምዝዓጸና ብትሕትና ንሳብር። ነናብ ቦታኹም እግዚብሔር ብሰላም ይምለስኩ።

እናቴ ለምለም ኣብዚ ናይ 54 ኣገልግሎት ዓመትን ዝተላእክኦ ቦታታት ገለ ንምጥቃስ ኣብ ኤርትራ ኣብ ማይ ዕዳጋ (ቶዘሊ)፣ ኣብ ሆስፒታል ኢቴገመነን፣ ኣኽርያ፣ መዕበይ ዘኽታማት ኮምቦኒ፣ ሰንዓፈ ዝጥቀስ ኮይኑ ኣብ ኢትዮጵያ ን23 ዓመታት ከገልግላሉ ዝጸንሓ ቦታታት ንምጥቃስ ኣብ ደንጎራ (ኣዋሳ)፣ ኣዲስ ኣበባ (ቪላ ኮምቦኒ)፣ ጉራጌ፣ ለቀምቲ ወለጋ ኣብ ቱሉ፣ (ኣዋሳ) ፣ ገለ ካብቲ ኣብ ድንግልናዊ ሕይወተን ብተወፋይነት ዘገልገላሉ ቦታታት ኢዩ። ኣብዚ ቦታታት እዚ ብዝያዳ ዝሰርሓሉ ዝነበራ ኣብ ስነ መዕበያን ቅዲ ክዳን (ስፍየትን) ኮይኑ ነዚ ሞያ እዚ ናብ ዝለዓለ ደረጃ ንምብጻሕ ክሳዕ ሮማ ከም ዝኸዳ ይዝከር። እናቴ ለምለም ኣብዚ ድንግልናዊ ሕይወት እንዳ ኀየያ ብሕማም ስለ ዝተታሕዛ ናብ ግብጺ ብምኻድ ሕክምና ከም ዝገበራ ይፍለጥ። እንተኾነ ኩነታት ጥዕንኣን እንዳ ኣንቆልቆለ፣ ስለ ዝኸደ፣ ኣብ እንዳ ዓበይትን፣ ሕሙማትን ብናይ ምግብና ሓላፍነት ብዓቢ ፍቕርን፣ ሓልዮትን፣ ለውሃትን ንኣባላተን እናከገልገላ፣ ከም ዝጸንሓ ዝፍለጥ ኮይኑ ብሃንደበት ብዕለት 09/01/2018 ሰዓት 6፣30 ጐይታ ካብዛ ዓለም ወሰደን።

## ጽንብል ቤተክርስትያን ቅድስቲ ስድራ ማይኣሓ

ብዕለት 6 ጥሪ 2010 ብግዕዝ፡ ብ14 ጥሪ 2018 ዓ.ም.ፈ. ህንጻ ቤተክርስትያን ቅድስቲ ስድራ (ኢየሱስ ማርያም ዮሴፍ) ማይኣሓ ብምዕሩግ ኣገባብ ተመሪቓ።

ማይ ኣሓ ካብ ጸሊም ጽርግያ ንመረታ ዝኸይድ መገዲ ተጠዊኻ፡ ዓዲ ቐይሕ (ዓዲ ብላታ ገብረዝጊ) ንጸጋም ገዲፍካ፣ ዓዲ ሕስኣ ነበር ቤተክርስትያን ቅዱስ ዮሓንስ፡ ኣብ ዓመት ሓደ ግዜ ዝቕደሰላ ዝነበረ ሎሚ ተሪፉ ዘሎ ሓሊፍካ፡ ቤት ትምህርቲ ዓዲ ዓለም መሓረና ዓዲ ባዕኸል ረጊጽካ፣ ቤተክርስትያን ባዕኸል፡ ማርያም ደብረሲና ንጸጋም ገዲፍካ፣ ብዓይኒ ማዕዶ ኣብ ቅድሜኻ ተሰጢሓ እትርኤ ጽብቕቲ ዓዲ ማይ ኣሓ ካብ ጸሊም ጽርግያ 8 ኪ.ሜ. ርሒቓ ትርከብ።

ቤተክርስትያን ቅድስቲ ስድራ (ኢየሱስ ማርያም ዮሴፍ) ንምምራቕ ኩሉ ተወላዲ ወዲ ዓዲ ይኹን፡ ኣብ ካልእ ዓዲ ዝነብር ካቶሊካዊ ብዝከኣሎ ንጽንብል ንምምዕራግ ዓቕሙ ኣበርኪቱ እዩ። ነዛ ብብዙሕ ማሕለኻታት ኣብœዚ ፍጻሜ ዝበጽሐት ቤተክርስትያን ንምጽንባል ከኣ ካብ ሓሙስ 11 ጥሪ 2018 ጀሚሩ እዩ ንጥፈታት ክካየድ ጀሚሩ።

ኣቶ ኣብርሃም ደብሹ ዝርከቦም፡ ደቂ እቲ ዓድን ኣከባብን ከኣ፡ ቀዳም13 ጥሪ 2018 ምሉእ መዓልቲ ዳስ ኣብ ምስራሕ ተጸሚዶም ወዓሉ። ሃገርገር ዝብል ገፊሕ ዳስ ከኣ ብምዕሩግ ኣገባብ ተሰርሐ። ደናግልን (ካብ ዝተፈላለያ ማሕበራትን ንጽንብል ዝመጹ መንሰያትን ንዳስ ብምጽብባቕ ግርማ ኣልበስዎ። ኣደታት ምስ ደናግል ኣብ ክሽነ ኣጋይሽ ንምቕባል ላዕልን ታሕትን በላ። ኣቦታት ዘድሊ ምምዕርራያትን ዝጐደለ ኣብ ምምላእን ተጸምዱ። ነጋድያን ኣጋይሽ ካብ ከባቢ ሰገነይትን ካብ ኣስመራን ካብ ዝተፈላለየ ቦታታትን ክውሕዙ ጀመሩ። መንእሰያት ብእግሮም ካብ ማዕረባ ክሳብ ማይ ኣሓ ተጓዕዙ። ኣደታት ንኣምላኽን ክብሪ ብምሃብ፡ መቑጸርያኦን ዓቲረን ካብ ዝተፈላለየ ቦታታት ተኣኻኸባ።

ኣቶ ጳውሎስ ተኽለብርሃን ኣብ ማይ ኣሓ ዘለዉ እንኮ ካቶሊካዊ ኣቦ ምስ ብዓልቲ ቤቶም ወ/ሮ ምሕረት ሃብተ ንሰን ብገዛ፡ ንሶም ብደገ ብወገን ቤተክርስትያን ውራዮም ከማዕርጉ ላዕልን ታሕትን ክብሉ ክትርእዮም እንክሎኻ ዝስመዓካ ሓበን ብቓሊሉ ዝግመት ኣይነበረን። 5 ውሉድ ዘለዎም ኣቦን ኣደን እዮም። ንኣርባዕተ ወለዶ ጽምኣት ዝነበሮም ጸጋ እግዚኣብሔር ለሚኖም፣ ብትብዓት ብዝወሰድዎ ስጉምቲ ከኣ እነሆ ኣብ ፍጻሜ ኪበጽሑ ክኢሎም። ኣባ ጸጋይ በርሀ ዘማሕበረ ልኡኻን ካብ ዓርቢ 12 ጥሪ 2018 ኣትሒዞም እዮም ኣብታ ካብ መጀመርታ ምስ ኣባ ኣማኑኤል ምስጉን ብምኧን ዝደኸሙላ



ቤተክርስትያን፡ ክንቀሳቀሱ ጀሚሮም።

ማይኣሓ ሰዓት 3:15 ድ.ቀ. ኣቢልና ኣብ ዝኣቶናሉ እዋን ካብ ዝነኣሰ ክሳብ ዝዓበየ ውራይ ንምምዕራግ ኣብ ጽዑቕ ድኻም ጸንሑና። ኣደታት ዕልል እናበላ ተቐቢለን ኣብ ዳስ ብምእታው ዘድሊ ቀረባልና። ስርዓተ ዋዜማ 3:30 ኣቢሉ ክጅምር እኳ ከም መደብ ተታሒዙ እንተነበረ፡ ቅሩብ ድንጉይ ኢሎም ክቡር ኣቡነ ፍቕረማርያም ሓጐስ ጳጳስ ዘመንበረ ሰገነይቲ ብዝመጽኡ፡ ከኣ ተጀመረ። ጳጳስ ምስ ተመሃርቲ ዘርኣ ክህነትን፡ ብዙሓት ካህናት ብዝተሓወስዎ ዋዜማ፡ ብምዕሩግ ኣገባብ ተኻየደ። ኣብ ምምሕዳር ኣጋይሽ፡ ቆሞስ ሰገነይቲ ዝከኣሎም ብምግባር ኩሉ ነገር ብምዕሩግ ኣገባብ የከይድዎ ነበሩ።

ዋዜማ ብዝተዛዘመ ከኣ፡ ኣብኡ ዘምሰዩ ቤተክህነት ኣብ ዳስ ኣተዉ እሞ፡ ናይ ድራር ሰዓት ስለ ኣኸለ። ኣደታት እናዘመራን እናደረፋን፡ ኣቦታት እናደበሉ ንዳስ ኣተዉ። ኣጋይሽ ገና ይውሕዙ ነበሩ። ኩሉ ጋሻ ከኣ ንድራር ተቐረቡ። ናይ ድራር ጸሎት ተገይሩ፡ ወሓለ ብዘበለ ኣሰራርሓ ዝተሰርሐ ጸብሕን እንጌራ ንዳስ ወረደ። ኩሎም ኣጋይሽ ከኣ ተደሪሩን ኣመስገነን። ቤተክርስትያን ቅድስቲ ስድራ (ኢየሱስ ማርያም ዮሴፍ) ብብርሃን ደሚቓ፡ መዝሙር ኣምላኽ እናተዘመረላ፡ ብህዝቢ ኣምላኽ ተኸቢባ ኣምሰየት። ብኸምዚ ኸኣ ናይ ቀዳም ምሸት 13ጥሪ 2018 ስርዓተ ዋዜማ ተፈጸመ።

ንጽባሒቱ ሰምበት 14 ጥሪ 2018 ለይቲ ሰዓት 3፣30 ኣቢሉ ዋዜማ ቀጸለ። ጸሎት ስርዓተ ዋዜማ ድሕሪ ተፈጺሙ



## 1ይቲ ጽሕፍቲ
## ርክብ ሓቅን ፍርሕን ጥበብን ትብዓትን

ኣብ መንጎ ሓቅን ፍርሕን ጥበብን ትብዓትን ዘሎ ርክብ፣ ኣብ ሓደ ሓደ ኣጋጣሚታት ናይ ምንባርና ጥቡቕ ርክብ ኣለወን፣ ኣብ ካልእ እዋናት ከኣ፣ ልሕሉሕ ወይœውን ፈጺመን ዘይርኽባ ኮይነን ንረኽበን። ብዝኾነ ግን እቲ ኩለን ዝራኸባሉ ዓውዲ፣ ብቀንዱ ሰብን፣ ማሕበራዊ ኣካይዳን ደቂ ሰባትን እዩ።

**ሓቂ=** ሓቂ ሓራ ኽተውጻኣኩም እያ።¡(ዮሓ.8፣32) የግዳስ ሓርነት ንሰላማዊ ናብራን ናብ ምስጋና ኣምላኽ ኣቢሉ ዝመርሕ ደኣœምበር፣ እዚ ሓርነትኩምሲ ንምኽንያት ኃጢኣት ኣይትግበሩዎ።(ገላ.5፣13) ተባሂልና ኢና ንመዓድ። ምስዚœውን ዘይቕላዕ ክዱን የልቦን።¡ ሓቂ ተገሊጻ እያ፣፣ ናይ ፍጥረትና ጀማሪ ዝኾነ መለኮት ሓቂ እዩ፤ ተገሊጹ ከኣ እዩ፣፣ (ዕብ.1፣1-)
ታሪኽ ሕይወት ደቂ ሰባት፣ ከም ሓደ ክቢ ዕንክሊል ዝብል ዓይነት (Vicious circle) ካብ ናብ እናተመላለሰ ዝግለጽ እዩ። ማለት ኣብ ኃጢኣትን ጸልማትን ጸኒሕካ፣ ጸጋ ሰላምን ብርሃንን ትረክብœሞ፣ ጸኒሕካ ከኣ፣ ናብ ዝነበርካዮ ኩነተ-ጸልማት ምምላስ ኣብ ሕይወት ታሪኽ ናይ ነፍስ-ወከፍና ዝኽሰት ግሉጽን ንቡርን ተርእዮ እዩ። ሓቂ ኣብ ኣገላልጻኣ፣ ንፍቕሪ ተማሊኣ ናብ ስቅያት እያ ተረክበካ፣ ቀጺላ ውሳጣዊ ሰላም ብምሃብ ትድብሰካ። እቲ ባሕርያታ ከምኡ እዩ።

ኣብ ርክባት ደቂ-ሰባት ንዝረአ ግርጭት ወይ ተግባረ ዓመጽ፣ ኣብ ዘተ ምስ ተረኽብካ፣ ክቐርባ ዝግበአን ክልተ ኣገደስቲ ነገራት ኣለዋ። ሓቅን ክዉንነትን ምግላጽ እዩ። “Every dialogue Should be based on truth and relality.” ኪነውœዚ ዝግበር ዘተ ግን መባኸኒ ግዜን፣ ፍረ ኣልቦን፣ ንኩነታትካ ናብ ዝከፍአ ኣንፈት ከምዘመርሕ ጥራሕ እዩ ዝገብሮ። ንሓቂ ምስዓበጥካ፣ ተገዲድካ ትገልጾ ሓቂ ኣሎ። ተሓቲትካ ትገልጾ ሓቂ ኣሎ። ካብ ክዉንነትን ኀልና ብዝሓቶ ሕቶ ተመሥሪትካ ብመንፈስ ክርስቶስ ተደሪኽካ ዝግለጽ ሓቂ ከኣ ኣሎ። ነታ ሓቂ ትፈልጡዋ ስለዝኾንኩም እየ እምበር፣ ስለዘይትፈልጡዋ ኣይኮንኩም ዝጽሕፈልኩም ዘለኹ። ኩሉ ሓሶት ካብ ሓቂ ከምዘይኮነ ትፈልጡ ኢኹም። እቲ ንኢየሱስ ንሱ መሲሕ ምዃኑ ዝኽሕዶ እንተ ዘይኮይኑኽ፣ መን እዩ እቲ ሓሳዊ፣ እቲ ንኣቦን ንወልድን ዝኽሕድ ጸረ ክርስቶስ እዩ። (1ዮሓ.2፣21-22) ወለድናን ሕብረተሰብናን ሓቂ ንዘለዓለም ጽድቂ¡ ኢሎም እዮም ምሂሮምና። ሓሳዊ ከኣ፣ ንዓኡ ዝተዋህበ ምስላ ኣሎ። ሓሳውን ስንቅን እናሓደረ ይፈኩስ¡። ናይ ሓቂ ሰብ ምኳን ንሓቂ ዝምስክር ሰብ ምኳን ትሓትት። ብቀጽሊ ከኣ፣ ርዝነትን ርግጽነት ናይ ሕይወትን ዝወነነ እዩ ዝኸውን። ሓቂ ንከይገልጽ ዝዕንቅጸና ኩነት ኣሎ። ንሱ ከኣ ፍርሒ ይበሃል።

**ፍርሒ=** ፍርሒ ብክልተ ገጽ ኢና ክንርእዮ ዝግበኣና። ክፍራሕ ዝግባእ ኣሎ። ክንሰግሮ ወይ ክንጥሕሶ ዝግበኣና ዘሎና ፍርሒ ከኣ ኣሎ። ኣብነት፦ ንተግባረ ኃጢኣት፣ ኣንጻር ሕልናን ትእዛዝ ኣምላኽን ምኻድ እዩ። ክፍራሕ ዘይብሉ ከኣ፣ ርትዒ ሓቂ ክትርገጽ ከላ፣ ንሓቂ ምቛም፣ እንተኾነ ግን ብጥበብን ብልቦናን ዝተቐለሰ ክኸውን ተመራጺ እዩ።
ንምኳኑ ፍርሒ እንታይ እዩ? ኣብ ኣካላትካ፣ ኣብ ልዕሊ ንብረትካን ብዓይብኡ ከኣ ኣብ ልዕሊ ሰብኣዊ መንነትካ ክመጽእ ንዝኽእል ጉድኣትን ክስራንን ኣባኻ ንከይትበጽሓካ ብምሕሳብ ንስምዒትካ ተንኪፉ ዝቆጻጸረካ ኣሉታዊ ተርእዮ እዩ። ካብ ዝረኣዩ ገለ ምልክታት ከኣ፣ ትርህጽ፣ ትርዕድ ትሸይን ዘረባ ይጠፍኣካ፣ ኣብ ቃልካ ኣብ ክንዲ ምጽናዕ ትጠልም፣ ተእዊ‰.ወዘተ።

ቃል መድኃኒና ኢየሱስ ክርስቶስ ግን ካብዚ ኩሉ ኣይትፍርሑ¡ እያ። (ዮሓ.6፣20) ቀጺሉ መድኃኒና ነቲ ንነፍስን ንሥጋን ኣብ ገሃነም ከእቱ ዝኽእል ደኣ ፍርሑዎ እምበር፣ ነቶም ንሥጋ ዝቐትሉ፣ ንነፍሲ ግን ክቐትሉዋ ዘይከኣሎም ኣይትፍርሑዎም። (ማቴ.10፣28) ነቲ ዓጽመ ሥጋ ንምልባስ ዝሕግዙና፣ *ሓያል እምነትን *ቀጻሊ ጸሎትን *ካብ መንፈስ ተወላዋልነት ዝረሓቐ ጽኑዕ መንፈስ ሓቂ ብሕቱ ምውናን እዩ። እምበኣር በታ ክፍእቲ መዓልቲ ተቓዊምኩም ምእንቲ ክትክእሉ፣ ንኹሉ ስዒርኩም ከኣ ደው ክትብሉስ ምሉእ ኣጽዋር ኣምላኽ ልበሱ። ደጊም ሕቖኩም ብሓቂ ተዓጢቕኩም፣ ድርዒ ጽድቂ ተኸዲንኩም ቁሙ¡ (ኤፌ.6፣13-14) ዝብል ምዕዶ ንከንቱ ኣይከውንን። ንሓቂ ኣብ ምግላጽ እንጥቀመላ ዓይነት ጸጋ ናይ መንፈስ ቅዱስ ኣላትና፣ ጥበብ እያ።

**ጥበብ=** ጥበብ ሓንቲ ካብተን 7 ሃብታት ናይ መንፈስ ቅዱስ እያ። ከመይ ሓቅን ጥበብን ዘይንጻጸላ ክልተ ኣካላት እየን። ጥበብሰ መድኃኒነ ውእቱዘሓረየነ በንዝሃተ ደሙ‰‰¡ (መጽሓፍ ቅዳሴ ሥርዓተ ግዕዝ) ንሰብ ብጥበብ ንእኽሊ ብመሻበብ¡ ብምኻድ፣ ነገራት ከምቲ ክኸዱዎ ዝግብኦም ንክኸዱ ይሕግዝ። ኣርሒቕ ኣቢልካ ብምሕሳብ እዩ ኣግባቡ።

ጥበብ ምጥቃም ምስ ሓሶት ዘራኽብ የብሉን። ኣብነት፦ ንዳንኤል ዝተባህለ ሰብ፣ ብኣካል ዘይፈልጡዎ ክቐትሉዎ ዝደልዩ ሽፋቱ፣ ኣብ መንገዲ ረኺቦም ዳንኤል ዶ ርኢኻ? ኢሎም ምስ ሓተቱዎ፣ ንሱ ከኣ ክቐትሉዎ ከምዝደለዩ ፈሊጡ፣ ሕጂ ሕጂ በዚ ኣቢሉ ሓሊፉኩም ኣርክቡዎ¡ እንተበሎም፣ ነዚ ሓሶት ዲና ክንብሎ? ሓቂ ስለዝኾነስ እነሀኹ፣ ኣነ እየ¡ ክብሎም ምተገብአ ዶ ክንብል ኢና። ረብሓ ናይ ጥበብ ካብዚ ኢና ክንርድኦ ዘሎና። ንኣገላልጻ ሓቂ ብጥበብ ኮይኑ፣ ዕላማኡ ከኣ ንረብሓ ድኀነት ሰብ እዩ። ንጥበብ ከዊልካ ሓቂ እዩ ኢልካ ሰብ ዝጉድኣሉ ኩነት ክንፈጥር ርትዒ ኣይከውንን። ካልኣይ መጋበሪ -መግለጺ ናይ ሓቂ ትብዓት እያ።

**ትብዓት=** እዚ ማለት መንፈስ ሓቂ ብኀልና ተደጊፉ ምስ እትርከብ እትግበር ናይ መሥዋዕቲ ተግባር እያ። ንስኻትኩም ባዕላትኩም መሰኻኽረይ ኢኹም።¡ (ዮሓ.3፣28, ግ.ሓ.1፣9) ኣብ ቅድሚ መርማሪ ኣካል፣ ተሓቲትና ሓቂ ንክንገልጽ እዩ ትጽቢት ዝግበረልና፣፣ ነቲ ግዜ ፍለጡዎ፣ ካብ ድቃስ ትበራበሩሉ እዋን በጺሑ እዩ። ከመይ ምድኃን ካብቲ ዝኣመናሉ ግዜ ሕጂ ኣዝዩ ናባና ቀሪቡ ኣሎ። ለይቲ ኃሊፉ መዓልቲ ቀሪባ እያ፣፣¡ (ሮሜ.13፣11-12) ቅድሚ ድኅነት ምርካብ ግን፣ ድኅነት ብዘይ መሥዋዕቲ ኣሎ ቢልና ኣይሓስብን። ኣብ ጥንተ-ታሪኽ ቤተ-ክርስቲያን ፈራሕ ሰማዕት ዝበሃል የልቦን። ከምኡ እንተ ዝኸውን፣ ሰማዕት ኣይምኾነን ወይ ኣይምተሰመየን። (2መቃ.7፣1-ፍ) እምብኣርከስ፣ ናይ ኩሎም ሰማዕታት ፍልጥቲ ሕላገት መንፈስ ትብዓትን ተግባራውነታን እየን፣፣ ቅድሚ ዝኾነ ይኹን ኩነት፣ ወንጌል ዝሓተና ሕቶ፣ ሕቶ ሰማዕትነት እዩ። ሕላገት ማለት ምልክት በሰላ፣ ዘይሓስስ ስምብራት ማለት እዩ። ቅዱስ ሓዋርያ ጴጥሮስ፣ ብቁስሉ ኢኹም ዝሓወኹም¡ (1ጴጥ.2፣24) እንክብለና፣ ኢሳይ.ነቢይ ከኣ፣ ንሕና፣ውን ብስምብራቱ ሓወና።¡ (53፣5) ክብል ናይœቲ ኣብ ሓዲስ ኪዳን ብቅዱስ መስቀል ዝተፈጸመልና ግሁድ ምልክት ብትብዓት ዝተወስደ መሥዋዕቲ ምልክት ኣሎና።

እምበኣር ርክብ ሓቅን ፍርሕን ጥበብን ትብዓትን ዘይነጻጸላ ክፍሊ ወንጌልን፣ መግለጺ ስብከተ-ወንጌልን እየን።

እታ ናይ መጨረሻ ክትብጻሕ እትደለ ነጥቢ ኃጢኣትን ተግባረ-ኃጢኣትን ንምእላይ እያ። ብሓቂ ከኣ እግዚኣብሔር ዝደልያ ተግባር እያ፣፣ እግዚኣብሔር ብኣፍ ኢሳይያስ ነቢይ ጌሩ ንዝበሎ ቃል መዕጸዊ ጽሑፈይ ክገብር።

ተነሥሑ፣
*ካብ ኃጢኣትኩም ተሓጸቡ፣
*ገዛእ ርእስኹም ኣንጽሑ፣
*ኣብ ቅድመይ ክፉእ ምግባር ኀደጉ፣
*ሠናይ ምግባር ተመሃሩ
*ብቅንዕና ፍረዱ፣
*ንጥቑዓት ርድኡዎም፣
*ንዘኽታማት ፍትሒ ኣውጽኡሎም
*ንመበለታት ተጣበቑለን።¡
(ኢሳ.1፣16-17)

**ኣባ ሃይለ ተስፋማርያም ውመ**
ዘማኀበረ-ልኡካን (ላዛሪስት)

# ዜናን ንጥፈታትን ርእሰ ኤጳርቅና

## ሓጺር ታሪኽ ሕይወት እናቴ ኤለዮኖራ ፒላቲ

ክብርትን ፍቅርትን ኣዴናን ሓፍትናን እናቴ ኤለዮኖራ ፒላቲ፡ ካብ ሰብ ዓሚቕ እምነትን፡ ኣፍቀርቲ ቤተክርስትያንን ዝኾኑ፡ ናይ ሚስዮንን ቤተክርስትያንን ሽግራት ዝፈልጡን፡ ክፉት መንፈስ ዝነበሮምን፡ ንደቆም ብክርስትያናዊ ስነ-መዕበያ ዝኹስኩሱን ካብ ዝነበሩ ለጋሳት ወለዲ፡ ካብ ኣቦኣን ሉዊጂ ፒላቲን ካብ ኣዲኤን ወ/ሮ ፋኒ ዳላ ጃኮማ ኣብ ሓንቲ ንእሽቶ ገጠር ናይ ፕረሳኖ ኣብ ሰበኻ ትሬንቶ ምምሕዳር ላቪስ ብ19/3/1923 ዓ.ም ኣብ ዓዲ ጥልያን ተወልዳ። ኣብ ሳልሳይ መዓልተን ድማ ጁዘፒና ማርታ ብዝብል ስም ምስጢረ ጥምቀት ተቐበላ። ብ29/6/1931ዓም ተባዕ ወተሃደር ክርስቶስ ዝገብረን ቅብኣተ-ሜሮን ተቐበላ።



ፍቅርቲ እ. ኤለዮኖራ ካብ 14 ኣባላት ዝነበሩዋ ስድራ መበል 13 ነበራ። ካብዞም 14 ውሉድ እቶም 4 ብምስጢረ ክህነትን ውፉይ ሕይወትን ኣብ ኣገልግሎት እግዚኣብሔር ዝተጸምዱ ነበሩ። ኣሕዋተን ኣባ ጀርማኖን፡ ኣባ ታርቺዝዮን ሚስዮናውያን ኮምቦናውያን ኮይኖም ኣብ ሱዳንን ኡጋንዳን ብዓቢይ ተወፋይነት እንከገልግሉ፡ ሓፍተን እ.ሊሊያና ኮምቦናዊት ሚስዮናዊት ኮይነን ኣብ ደቡብ ሱዳን ባህር ኤል-ጀበል ኣብ ዝበሃል ቦታ ኣገልገላ፡፡ እ. ኤለዮኖራ ከኣ መላእ ሕይወተን ኣብ ኤርትራ ኣገልገላ።

ክብርቲ ኣዴና እ. ኤለዮኖራ ከም ኣሕዋተን ሕይወተን ንእግ/ርን ሕዝብን ከወፍያ ብርቱዕ ድሌትን ሃንቀውታን ስለ ዝሓደረን፡ ኣብ መበል 20 ዕድሚኣን ብዕለት 4/3/1943 ኣብ ማሕበር ደናግል ኮምቦኒ ኣብ ቨሮና ሰነ-መዕበያ ናይ ሰኣልያትን ቀጺለን ከኣ ብተመኩሮ ተኾስኮሳ። ብ29/9/1945 ዓ.ም ብወለደንን ኣሕዋተንን ፈተውተንን ተዓጂበን ብንኡስ መብጽዓ ሕይወተን ንእግ/ር ኣወፈያ።

ካብ ንኡስ መብጽዓኣን ዓመት ከይመልኣ ከኣ ከም ልእኽቲ-ወንጌል ኮይነን ብ30 ነሓሰ 1946 ካብ ዓዲ ጥልያን ብመርከብ ተበጊሰን ብ29/9/1946 ኣስመራ ኣተዋ።

ብዕለት 1/1/1947 ኣብ ሓዝሓዝ ቤት-ማእሰርቲ ደቀንስትዮ ምስ ዝነበረ መካነ ሕውነት ደናግል ኮምቦኒ ተጸምበራ። ብ1951 ብዓቢይ መብጽዓ ንምሉእ ሕይወተን ተወፈያ። እቲ ዋና ስራሐን ከኣ ናይ ደቀንስትዮን ደቂ ተባዕትዮን ከም ዋና ሓላፊት ናይ ምግብና ኮይነን ፍቕርን ሕውነትን ርሕራሐን ብዝመልኦ ብዓቢይ ተወፋይነ ን12ዓመት ኣገልገላ።

**እ. ኤለዮኖራ ፍልይቲ ዝገብረን፡** ፍቕሪ ሕዝቢ ኮይኑ፡ ምስ ኩሎም እሱራት ምእንቲ ክረዳድኣ፡ ቛንቛኦም ምፍላጥ እቲ ዝበለጸ ሙኳኑ ስለ ዝተረደኣ፡ ብዕቱብ ቛንቛ ትግርኛ ተማህራ። ኣብዚ 12 ዓመት ዝሃብኦ ኣገልግሎት ከኣ ምስ እሱራት ሽግሮምን ስቓዮምን እናተኻፈላ፡ ነቶም ንሞት ኮነ ንሕልፈት ዝተፈርዱ፡ ኣጆኹም እናበላ ተስፋ ከይቆርጹ እናኣጸናንዓ፡ ብዝገበሩዎ ገበን ውን ተጣዒሶም ናብ ኣምላኽ ንኽምለሱ የተባብዓኦም ነበራ። ብዙሓት ውን ቅድሚ ሞቶም ዝነበረት ለይቲ እንጌራ-ማይ ከይለኸፉ ብጾምን ጸሎትን ምሕረት ኣምላኽ ክልምኑ ይሓድሩ ከም ዝነበሩ ይምስክራ። ንሰን ከኣ ካህናት እናጸውዓ ንክንስሑ ዕድል ይፈጥራሎም ነበራ።

ድሕሪ 12 ዓመት ኣገልግሎተን ብ 1959 ዓም ንማይ-ዕዳጋ ተቐይረንœ ነተን ኣብኡ ተዓቒበን ዝነበራ ዘኽታማትን፡ ኣዴታትን፣ ተመሃሮን ናይ ጥልፍን፡ ስፌትን፡ ቅዲ-ክዳንን፣ መምህር ኮይነን ብሕጉስ መንፈስን ተወፋይነትን ን8 ዓመት ኣገልገላ።

ካብ ብ26/12/1967 ክሳብ ብ6/12/1970 ናብ ዩኒቨርሲቲ ኣስመራ ተመዲበን ስፌትን ኣገልግሎት ቤተክርስትያንን ብጥንቃቐን ተገዳስነትን ኣገልግሎተን ሃባ። ድሕሪ 3 ዓመት ብ6/12/1070 ዓ.ም በቲ ሞያኣን ንደናግል ጥራይ ዘይኮነስ ንካህናትœውን ከገልግላ ንደቀምሓረ ተመደባ። ኣብዚ ውን ን6 ዓመት ድሕሪ ምግልጋል፡ ብ 26/7/1976 እንደገና ናብ ዩኒቨርሲቲ ኣስመራ ተመሊሰን ብስፌትን ናይ መካነ ሕውነት መጋቢትን ኮይነን ኣገልገላ። ብ2/3/1983 ኣብ ደንጎሎ በቲ ሞያኣን ኣገልግሎተን ሃባ።

ብ26/11/1983 ካብ ድንጎሎ ናብ ቤት-መኻእ ተቐይረን ብሉጽ ኣገልግሎተን ኣወፈያ።

ብ1983 ንምዕባለ መንፈሳውነት ናብ ሮማ፡ ቀጺለን ውን ናብ ቅድስቲ ሃገር ኢዮሩሳሌም ከዳ። ካብኡ ምስ ተመልሳ ክሳብ ብሞት ዝፍለያና ኣብ ኣስመራ ኣብቲ ኩሉ ዘድሊ እናኣተዋ፡ ብዓቢይ ትብዓትን ተወፋይነትን፡ ፍቕርን እቲ ብሉጽ ህያባተን ኣወፈያ።

ፍቅርቲ እ. ኤለዮኖራ ካብ ባህርያተን ፍልይቲ ዝገብረንን ንዓናውን ኣብነት ዝኾናናን፡ ገለ ንምጥቃስ፡ ብዓልቲ ውሑድ ቃላት፡ ፈታዊት ስቕታ፡ ጸላዪት፡ መኽበሪት ግዜ፡ ብዙሕ ዘንብባን ሓፍቲ ኢየን ኔረን። ከምኡœውን ካብቲ ዝዓበየ ክሳብ ዝነኣሰ ኣሓተን ዘይፈልጣኦ ናይ ፍቕሪ ስራሕ ይገብራ ነበራ። ንዝቐረቡወን ድኻታት ከኣ ይመኽራን ይሕግዛን ከም ዝነበራ ንምስክር።

እ. ኤለዮኖራ ደኺመ ከይበላ፡ ወላ ኣብቲ ብርቱዕ ሕማመንœኳ ንኣሓተን ከየሸግራ ክብላ፡ ክሳብ መወዳእታ ባዕለን ክኽእላ ብትብዓት ዝተጋደላ ኣደ ኢየን ኔረን። ብሓፈሻኡ እ. ኤለያኖራ ብኹሉ መዳያተን ኣብነታዊት ኣደን ሓፍትን ክፍለያና ከለዋ፡ ዓቢይ ሃጓፍ ከም ዝገደፋልና እኳ እንተተሰምዓና፡ ኣብታ ዓዲ ኩልና ሰማያዊት ኢዮሩሳሌም ኮይነን ከም ዝድግፋናን፡ ኩነታት ሃገርና ኩሉ ስለ ዝተኻፈላኦ ከኣ ዘድልየና ጸጋታት ካብ ኣምላኽ ከም ዘማልዳልና ኣይንጠራጠርን።



ክብርቲ ኣዴናን ሓፍትናን እ. ኤለዮኖራ ብሕማም ክሳቐያ ድሕሪ ምጽናሕ ኣብ ወጋሕታ ናይ ለይቲ ልደት፡ ጎይታናን መድሓኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ፡ ንዓና ክድሕን ሰማያዊ ክብሩ ገዲፉ ኣብ መንጎና እንክውለድ፡ ንሰን ከኣ ኣብ መበል 95 ዕድሚኣን፡ ነዛ ጊዚያዊት ናይ ስደትና ምድሪ ገዲፈን ኣብ ሰማይ ክውለዳ ብሰላም ዓረፉ። ሰነ ስርዓት ቀብረን ድማ ሎሚ ሰኑይ፣ 8ጥሪ 2018 ልክዕ ፍርቂ መዓልቲ ደቂ ማሕበረንን፣ ፈተውተንን፣ ካህናትን፣ ሰብ ውፉይ ሕይወትን፣ ምእመናንን ኣብ ዝተረኸቡሉ ኣብ መካነ መቓብር ጸጸራት ብኽብሪ ሓመድ ኣዳም ለበሳ።

ንእግዜኣብሒር ኣምላኽና ስለ ህያብ እ. ኤለዮኖራ እናኣመስገንና ን0ኣን ውን ኣብዚ ናይ መጨረሽታ ፈነወና፡ ነዚ ናይ 72 ዓመት ኣብ ሃገርና ዘገልገላኦ እግ/ር ይሃበልና ንብለን። ኣብ ኣሰረን ስዒበን ብኩለንትናኣን ንስፍሓተ ወንጌል ዝውፈያን ዝውፈዩን መንእሰያት እግ/ር ክህበና እናለመንና ንማሕበርን ንኩሎም ፈተውተንን ቤተሰበንን ድማ እግ/ር ብመንፈሱ የጸናንዕን ይደብስን።

ንኩልኹም ኣብ ግዜ ሕማመን ዝበጻሕኩመንን፡ ካብ ትማሊ ጀሚርኩም ኣብ ገዛና ዝተመላለስኩምን ምሳና ሓቢርኩም ዝጸለኹምን ዘጸናናዕኩምናን ዘቃበርኩምናን እግዜኣብሒር ይሃበልና፡ ሕሰም ኣይትርከቡ፡ እናበልና፡ ሓዘንና ኣብዚ ንዓጹ።

**እቶም ንእግዚኣብሔር ዝፈርሁ፣ ቅኑዕ ኣየናይ ከም ዝኾነ ይፈልጡ።**
**እቲ ሰናይ ግብሮም ድማ ከም መብራህቲ የንጸባርቕ¡ (ጥበብ ወዲ ሲራክ 32. 16)።**

## ሓጺር ታሪኽ ሕይወት ናይ እ. ለምለም ተኽላይ

እ. ለምለም ሓንቲ ከምቶም መስራቲናን ኣቦናን ዘድልይዎም ዝነበሩ ልኡኻት ወንጌል ካብ ኣቃውማኤን ክሳብ ኣተሓሳስባኤን ብኹሉ ትኽ ዝበላ ሓሳበን ካብ ቃላተን ዘይፍለ፣ ርጉጽን ክበጽሖ ዝደልያ ዓላማ ብንጹር ዘርኢ ኣሰጋጉማ ዝነበረን ኣደን ሓውትን ከምዝነበራ ብቐረባ ምስኤን ዝተቐመጣ ኣሓት ይምስክራለን።

እናቴ ለምለም ከኣ ብኩልንትናኤን ኮምቦናዊ መንፈስ ዝሓደረን፣ ብስራሕ ጻዕራም ብጸሎት ምስ ኣምላኽን ዓሚቕ ርክብ ዝነበረን፣ ንኹሉዝያዳ ግን ነቶም ናይ ኣምላኽ ድኻታት ዘፍቅራ ኣደ ኢየን ኔረን።

ኣብ ዝተፈላለየ ሚሲዮን ከም ሓላፊት ኣብ ዘገልገላሉ ጊዜ ነተን ምስኤን ዝነበራ ኣሓት ኣደን ሓውትን ጥራሕ ዘይኮነስ፣ ሓላዪት፣ ለዋህ፣ ርሕርሕቲ፣ ምስ ዝበኽዩ ዝበኽያ፣ ምስ ዝሕጎሱ ዝሕጎሳ ብፍላይ ከኣ ልበን ብድኻታትን ናእሽቱን ቀልጢፉ ዝማረኽ፣ መኽበሪት ሰብን ጊዜን፣ ብባህሪኤን ሕማቕ ክርእያን ብዛዕባ ካልኦት ሕማቕ ክዝረብ ክሰምዓ ዘይደልያ ሓውቲ ከምዝነበራ ይንገረለን።

ብግዳም ትርር ዝበላ ይመስላ፣ ውሽጣዊ ባህርያተን ግን ለዋህን ርሕርሕትን ብዝኾነ መልክዕ ንካልኦት ክብድላ ዘይደልያን ኣደ ከምዝነበራ መሳርሕተን ከይተረፈ ይምስክራ።

ገለ ኣሓትን ቤትዘመድን ኣነ እናጎየኹ እየ ዝመውት¡ ይብላ ከምዝነበራ ይምስክሩ። ብሓቂ ከኣ ብቕድሚ ትማሊ ብዕለት 08 ጥሪ 2018 ንሓንቲ ብሞት ንዝተፈለያና ሓውትና ምስ ብዙሓት ካባና ከፋንዋ ኣብዚ መኻነ መቓብር ድሕሪ ምምጻእ ናብ ገዛ ተመሊሰን ንገለ ሰዓታት ከም ዝተጸለኤንን ለይቲ ንበይነን ኪሓድራ ከምዘይደልያ ጥራሕ እየን ገሊጸን። ከምቲ ሃረርታኤን ምስ ምሉእ ኣእምሮኤንን ሓይለንን ብዘይ ብዙሕ ጻዕሪ ከም ጥዕምቲ ድቃስ ዝወሰደን ካብዛ ዓለም ተፋነዋ።



እቲ

ምእንታይን ምእንቲ ወንጌልን ኩሉ ገዲፉ ዝስዕበኒ ኣብዚ ዓለም 100 ካዕበት ኣብቲ ዝመጽእ ከኣ ሕይወት ዘለዓለም ኪህቦ ኢየ¡ ኢሉ ቃል ዝኣተወልና ጐይታ ኣብ ቃሉ እሙን ስለዝኾነ ነቲ ዘተስፈወና ቃል ኪፍጸሞ ሙኳኑ ኣሚንና ን81 ዓመት ምድራዊ ሕይወትን ን54 ናይ ገዳማውን ሚስዮናውን ኣገልግሎትን ዕድመ ዝሃብካየን ነመንስግነካ ኣሎና ንብል።

ከም ሰብ ካባና ብምፍላየን ብኹሉ መለኪዒታት ዘይተጸበናዮን ዘይሓሰብናዮን እኳ እንተነበረ፣ ኣብ መደብ እግዚኣብሔር ግን ቅድሚ ምፍጣር ዓለም ዝነበረ ስለዝኾነ፣ ንስኻ ሂብካ ንስኻ ከኣ ወሲድካ፣ በዚ ከኣ ስምካ ይባረኽ¡ እናበልና ንኣምላኽ ነመስግን።

እናቴ ኣብዛ ናይ ፈነወ መዓልቲ ዝገድፋልና ለበዋ እንተሎ¡ ከም ክርስትያንን ዉሉድ ንኣምላኽ ብምሉእ ልብና ብኹሉ ኃይልና ብምሉእ ኣእምሮና ንእግዚኣብሔር ክነፍቕርን፣ ንብጻይና ከኣ ከም ነፍስና ክነፍቕርን ዝብል ትእዛዝ ኣምላኽ ክንክተል ከምዘለና ይላበዋና።

እቲ ካብ ቅድሚ ምፍጣር ዓለም ናቱ ክኾና ዝሓረየንን ዝመደበንን ኣምላኽ ኣቲ ናይ ኣቦይ ብርኽቲ ነቲ ዓለም ኪፍጠር ከሎ ዝተዳለወልኪ መንግስቲ ክትወርሲ ንዒ¡ እናበለ ኣእዳዉ ዘርጊሑ ኣብ መንግስቱ ይቀበለን። ንኹሎም ቤተሰብን ፈተውትን ጽንዓት ይሃብ። ንማሕበር ከም እናቴ ዝኣመሰላ ተብዓትን ውፉያትን ኣባላት ብምጽዋዕ ይደብስ። ኩልኹም ናይ ሓዘንና ተኻፈልቲ ብምኳን ንእናቴ ሓፍትናን ኣደናን ብኽብሪ ሓመድ ኣዳም ክትልብስወን ካብ ርሑቕን ካብ ቀረባን